Deutsches Rotes Kreuz
SUCHDIENST

<u>ኣህጉራዊ ምድላይ ኣዝማድ</u>

# ሓበሬታ ብሑትነት

**ምድላይ። ምትእስሳር። ምትሕብባር።**
ኣገልግሎት ድልያ ቀይሕ መስቀል ጀርመን (ኣገልግሎት ድልያ ቀ.መ.ጀ.) ን ብሸግራት ውግእ፣ ብመቕዘፍቲ፣ ብስደት፣ ብስጉት ወይ ብምኡዓዝ ካብ ሰባቶም ተፈልዮም ዝነበሩ ይሕግዞም እዩ። ንኣዝማዶም ከናድዩን ምስኦም እንደገና ርክብ ክገብሩን ከምኡ'ውን ስድራታት ብሓንሳብ ንክኾኑ ይሕግዝ እዩ።

**ንስራሕና እንታይ ሓበሬታ እዩ ዘድልየና፧**
ኣገልግሎት ድልያ ቀ.መ.ጀ. ምድላይ ማታን ክጅምር ብዝከኣለ ኣመና ብዙሕ ሓበሬታታት ብዛዕባ እቲ ዝድለ ሰብ የድልዩዎ። እዚኦም ሓበሬታታት ከምንኣ. ስም፣ ዕለት ትውልዲ፣ ሓበሬታ ማብቈልን መንገዲ ስደትን እዮም። ዋላ ክሳብ ምፍላይ ስድራ በጺሑ ዝነበረ ኩነታት ንዓና ንምድላይ ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ ኣገልግሎት ድልያ ቀ.መ.ጀ. ናይ ርክብ ሓበሬታ ናይቲ ዝደሊ ዘሎ ሰብ የድልዮ ከምኡ'ውን ምስቲ ዝድለ ዘሎ ሰብ ከመይ ከምተዛመዱ ውን ክፈልጥ ይደሊ። እንተላይ ስእሊ ናይቲ ዝደሊ ዘሎ ሰብ ኣብቲ ምድላይ ሓጋዚ ክኸውን ይኽእል።

እዚኦም ኩሎም ሓበሬታታት (ዋላ ስእልታት) ግላውያን ሓበሬታታት እዮም፣ ብድልየት ዘናዲ ዘሎን ዝድለ ዘሎን ክንሰርሕ ማታን ክንክእል የድልዩና እዮም።

**እቲ ሓበሬታ ንምንታይ እዩ ዘድልየና፧**
ኣገልግሎት ድልያ ቀ.መ.ጀ. ግላውያን ሓበሬታታት ንዝስዕቡ ጥብታት ይጥቐመሎም፦

1. ምድላይ ዝተሰኣኑ ሰባት
2. ምጽራይ ጉዳያት ከምኡ'ውን
3. ምጽንባር ስድራታት።

**እቲ ሓበሬታ ዋላ ናብ ሳልሳይ ኣካላት ይመሓላለፍ ድዩ?**
ግላዊ ሓበሬታ ኩሉ ግዜ ፈጺምና ብስቱር ኢና ንሕዞ። ንምድላይ ሰብ ዝምልከት ጉዳይ ኣብ ውሽጢ ኣገልግሎት ድልያ ከነመሓላልፎ ኢና (ሕብረት ኣገልግሎት ድልያ ቀ.መ.ጀ. ምስቲ ኣህጉራዊ ሸማግለ ቀይሕ መስቀል (ኣ.ሸ.ቀ.መ) ከምኡ'ውን ኣብ ካልኦት ሃገራት ዘለዉ ማሕበረኮማት ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ሂላልን)። እቲ ዝድለ ሰብ ኣብ ገሊኦም ሃገራት ዝጸንሕ ኮይኑ እንድሕር ተገሚቱ፣ እቲ ኣብኦም ዘሎ ናይ ምድላይ ኣገልግሎት ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ መጸንሒ ቦታ ናይቲ ዝድለ ሰብ ክረጋግጽ ክፍትን እዩ። ኣብ ስራሕና ግላውዊ ሓበሬታ ናብ ካልኦት ጨፍጨፍር ንከነመሓላልፍ ኣድላይ ክኸውን ይኽእል፣ ከምንኣ.

- ማንግስታውያን ጨፍጨፍር (ከምንኣ. ቤትጽሕፈታት ወጻእተኛ፣ ቤትጽሕፈታት ምዝጋበ፣ ቤት-ማእሰርትታት)
- ኣህጉራውያን ውድባት፣
- ናይ ከተማን ቁሸትን ተቐማጦ ወይ ናይ ጉጅለ ሓለፍቲ

እቲ ግላዊ ሓበሬታ ንምኽንያት ድልያ ዋላ ክዝርጋሕ ይከኣል (ን.ኣ. ምድላይ ኣብ ኢንተርነት ምስ ስእሊ www.tracetheface.org፣ ናይ ሓባር ፕሮግራማት ራድዮ ካብ ICRC ከምኡ'ውን BBC / ሶማልያ፣ ምዝርጋሕ ዝርዝራት ናብ ወግዓውያን ቦታታት ወይ ኣብ ኢንተርነት)።

ምምሕልላፍ ሓበሬታ ናብ ካልኦት ቦታታት ጥራይ ንስራሕናን ናይ ኣገልግሎት ዕማማትናን ኣድላይ እንድሕር ኾይኑ ይግበር እዩ። እቲ ኣድላይ ውዕል ስምምዕ እናተኸተልኩም ፍሉያት ሃገራትን ካልኦት ጨፍጨፍርን ካብቲ ድልያ ከተውጽኡ ትኽእሉ ወይ ከኣ ኣብ ህዝቢ ከምዝይዝርጋሕ ክትገብሩ ትኽእሉ።

**እቲ ሓበሬታ ንክንደይ ግዜ ኣባና ይዕቀብ፧**
እቲ ብእምነት ትህቡና ዘለኹም ሓበሬታ ክሳብ ንኣብ ላዕሊ ዝተጸሕፉ ምኽንያታት ኣከያይዳ ዳታ ኣድላይ ክኾኑ ክዕቀቡ እዮም።

**ንኣተሓሕዛ ዳታ/ሓበሬታ ኣየኖት ሕጋጋት ኣለዉ፧**
ኩሉ ዝምልከት ሰብ ማሰል ብሑትነት ኣለዎ። ናይ ቀ.መ.ጀ. ኣገልግሎት ድልያ ኣብ ስርሑ ንስርዓተ ሕጊ ብሕቱነት ኣገልግሎት ድልያ (SDDSG) እዩ ዝኽተል። ብተወሳኺ ሓበሬታኹም ክንሕዝ ከለና ምስ ሕግታት ማሰረታዊ ስርዓት ብሑትነት (DS-GVO) ከምኡ'ውን ምስ ፈደራላዊ ሕጊ ብሑትነት (BDSG) ተኣሳሲርና ኢና። ኣብ ስራሕና

ሓበሬታኹም ኣብ ውሽጢ ሚርበብ ኣገልግሎት ክንለዋውጥ እንተተገደድና፣ እቶም ዝምልከቱ ጨናፍር ንሓባር ሕጋጋት ኣተሓሕዛ ብሑትነት እዮም ዝኽተሉ። ብኸምኡ ሓበሬታኹም ብማእርሕቲ ሚርበብና ዋላ ኣብ ካልእ ሃገራት ብእኹል ከምተሓለወ ክንረጋግጽ ንኽእል።

**ንምክልኻል ውልቃዊ ሓበሬታኹምእንታይ ማስላት ኣለኩም፧**

ብዛዕባ ዝኾነ ንሰብ ዝምልከት ብዛዕባኹምዓቂብና ዘለና ሓበሬታ ብነጻ ንክትፈልጡማስል ኣለኩም፡ ብተወሰኺ ሓበሬታኹምእንተ ደኣ ግጉይ ኾይኑ፣ ንክትእርሙውን ማስል ኣለኩም፡ ብምዕቃብ ንዓኹምዝምልከት ሓበሬታ እንተ ደኣ ዘይተሰማሚኹም ክትሕብሩና ውን ትኽእሉ። ሽዑ ሓበሬታኹምክንድምሳስ ወይ ክንዓግቶ ኢና።
ሓደ ንቀ.ሚ.ጀ. ዝተቐረበ ውዕል ስምምዕ ኩሉ ግዜ ብምኡእ ወይ ብኸፊል ክስረዝ ይከኣል እዩ። እዚ ከተስተውዕሉ ኣለኩም- ስእሊ ናይቲ ዝደሊ ዘሎ ሰብ ኣብ ፖስተራት፣ ስእላዊ ሜጻሕፍቲ ወይ ዝርዝራት ንክዝርጋሕ ሓንሳእ ስምምዕ ምስሃብኩምን እቲ ስእሊ ምስተሓተመን ክትነጽጉ/ክትስርዙ ኣይትኽእሉን ኢኹም፣ ጥራይ ንዝሙጽእ ዘሎ ዘይተሓተሙስእልታት ንከይዝርጋሕ ክትነጽጉ ትኽእሉ። እዚ ስረዛ ኣብ ኣገልግሎት ድልያ ቀ.ሚ.ጀ. ጨንፈር ምዩኒክ፣ München, Chiemgaustraße 109, 81549 München, ኢሜይል፦ tracing@drk-suchdienst.de (ወይ ኣብቲ ተሓታቲ ጨንፈር) ስምእናጠቐስኩምብጽሑፍ ክትገልጹ ትኽእሉ።

**ንመን ክትሓቱ ትኽእሉ (ተሓታቲ ጨንፈር)፧**

ሕቶታት ብዛዕባ ማእርሕ ሓበሬታኹምወይ ብዛዕባ ኣጠቓቕማንምሕበርን ምእራምን ምድምሳስን ምዕጋትን ከምኡ'ውን ስረዛ ዝምልከቱ ማስላትኩምእንተ ደኣ ኣለኩም ንኣገልግሎት ድልያ ቀ.ሚ.ጀ. ክትውክሱ ትኽእሉ። ኣብቲ ብዛዕባ ሓገዝ ድልያ ሰብረኺብኩሞዝነበርኩምጨንፈር ክትሓቱ ኣለኩም፡

ማሕተምወይ ስም፣ ኣድራሻ፣ ቁጽሪ ተሌፎን ናይቲ ዝሕግዘኩምጨንፈር

ዝርከብ ሰራሕተኛ እንተ ደኣ ዘይትፈልጡኮይንኩም ንቀንዲ ጨንፈር ምሕደራ ኣገልግሎት ድልያ ቀ.ሚ.ጀ. ክትውክሱ ትኽእሉ።

Deutsches Rotes Kreuz
-Generalsekretariat-
Team 22/Suchdienst-Leitstelle
Carstennstraße 58
12205 Berlin
ተል.፥ 030 / 8 54 04 -170
ፋክስ፦ 030 / 8 54 04 -458
ኢሜይል፦ suchdienst@drk.de

ኣብዚ ውን ናይ ኣገልግሎት ምድላይ ወኪል ብሕቱነት ወይዘሮ Frauke Weber ክትረኽብዋ ትኽእሉ፣ ብዝስዕብ ኢሜይል፦ frauke.weber@drk.de